# MEASLES

Bury Council

SCAN ME

## ንፍዮ ከምዚ እዩ

ኣብ ቀረባ እዋን ኣብ በሪ ንፍዮ ዝሓመሙ ሰባት ከምዘለዉ ተረጋጊጹ ኣሎ። ኣብ ብዙሓት ካልኦት ብልሙድ በጻሕቲ ዝገሹሎም ሃገራት`ውን ይርአ እዩ። ንፍዮ ኣዝዩ ተላባዒ ቫይረሳዊ ረኽሲ ኮይኑ ከቢድ ሳዕቤን ክህልዎ ይኽእል።

## ክታበት ተዳልዩ ኣሎ

ንዝኾነ ካብ 1 ክሳብ 18 ዓመት ዝዕድሚኡ ብዝኾነ ምኽንያት ክታበት ኤምኤምኣር (MMR) ዘይወሰደ ሰብ ኣብ ሙሉእ ወርሒ ሓምለ ክታበት ዝህቡ ክሊኒካት ተዳልዮም ኣለዉ።

ዕለታትን ቦታን ናይቲ ኣብ ቀረባኹም ዝርከብ ክሊኒክ ንምፍላጥ በጃኹም ኣብ ኪውኣር ኮድ ስካን ግበሩ። ቆጸራታት ናብ ሓፈሻዊ ሓኪምኩም ብምድዋል ክግበር ይከኣል እዩ።

ውላድኩም ክታበት ኤምኤምኣር (MMR) ሓሊፉዎ/ዋ ምኳኑ ርግጸኛ እንተዘይኰንኩም ምስ ትካል ሓፈሻዊ ሓኪምኩም ክተረጋግጹ ትኽእሉ ኢኹም። ትካላት ሓፈሻዊ ሓኪምን ፊደረሽን ሓፈሻዊ ሓካይም በሪ’ውን ንወለዲ ናይቶም ሕክምናዊ መዛግብቶም ንክታበት ኤምኤምኣር ከምዘይወሰዱ ዘርኢ ህጻናት ክረኽብዎም’ዮም።

ናይ ሓሰማ ጀላቲን ዘይብሉ ክታበት ተዳልዩ ኣሎ። ናይ ሓሰማ ጀላቲን ዘይብሉ ክታበት እንተደሊኹም በጃኹም ንክሊኒክ ኣፍልጡዎም።

ክታበት ኤምኤምኣር ዝሓለፎም ዝመስሎም ዓበይቲ ሰባት እውን ምስ ናይ ሓፈሻዊ ሓኪሞም ብምዝርራብ ክታበት ክዳልዉ ይኽእሉ። ፍጹም ኣይደንጎኹምን።